# ዛራ ሰላም ሜድያ፥ ጸዋዒት ንህዝቢ ኤርትራ

ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዛራ ሰላም ሜድያ (zaraselam.com) ዝተገልጸን መብርሂ ዝተገብረሉን ህልዊ ኣብ ባይታ ዘሎ ፖለቲካዊ ሃለዋትን ኩነታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝተመቓቐለን ዝተራሰነን ጎነጻውን ከም ዝኾነ ብሩህ እዩ። ህጹእ ሃናጺ ኣገባብ ሓሳብ ምልውዋጥ ኣብ ማሕበራዊ ሜድያ ከም ዝርኣን ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቅታት ከም ዝምስክሮን ብጸርፍን ብውልቀ ጸለመን ተተኪኡ ይርከብ። እዚ ኣብ ዘመነ መርበብ ሓበሬታ ዝርአን ብኡኡ ዝሕግዘን ዘይተጻረየን ዋላ ቅንጣብ ሓቅነት ዘይብሉን ሓበሬታትን መግለጺታትን ክዝርጋሕ እንከሎ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ብዘይብሉ ኣገባብ ነቲ ሓድነታዊ ስጥመት ናይ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ኣዝዩ እዩ ዘርቅቕን ዋላ እውን ዘበትኽን ከቢድ ጸገም ዝፈጥርን። እዚ ምምቕቓላት እዚ ዓሚቚን ሱር ነቀልን ካብ ቅድሚ ነጻነት ጀሚሩ ዝማዕበለን እዩ።

ዛራ ሰላም ሜድያ ብዛዕቢ እዚ ከቢድ ምምቓልን ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታትን ኣጸቢቓ ብልቦና ትርድኦን ተሰውዕሎን እያ። ካብ ኣንበብትና እንረኽቦ ርእይቶታት ብዝለዓለ ደረጃኡ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ክኸውን እንከሎ ሓያሎ ድማ ኣገዳሲ ስክፍታ ከም ዘለዎም ይገልጹ፥ *“ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ብምምቓልን ምትፍናን ጸለመን ዝተዓብለለ ኩነታት ናይ ሰላም መጸዋዕታ ዶ ብተግባር ተቐባልነት ክረክብ ይኽእል እዩ?”* ዝብል እዩ። ብዙሓት ተዓዚብቲ ድማ ብግዲኦም እቲ ዝተጀመረ ናይ ሰላም መጸዋዕታ ተባዕ ምዃኑን ኣገዳስን ክግበር ዘለዎን ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ ኣብ ልዕሌና ማለት እቶም መስረቲ ዛራ ሰላም ሜድያ በብሸነኹ መጥቃዕቲ ክወርደኩም እዩ ዝብል ስክፍትኦም ይገልጹ።

እቶም ከጋጥሙ ዝኽእሉ ብድሆታትን ጸገማትን ሽግራትን ኣብ ቦትኡ ከም ዘለዎ ኮይኑ እቲ ድምጺ ናይ ጽልእን ጸለመን ኣጋንኖን ክትሰግሮ እውን ንገዛእ ርእሱ ከቢድ ምዃኑ ብሩህ ክነሱ እዚ ኣዕናዊ ዝኾነ ንሓድነትን መጻኢ ዕድል ናይ መንእሰያትና ዘጸልምትን ኩነታት ክሰበርን ከብቅዕን ናብ ናይ ሰላም ልዝብ ክምለስን ኣለዎ ነቲ መደብ ኣቲናዮ ክንቅጽሎ ኢና ድማ። እዚ ናይ ምምቕቓልን ምፍንጫልን ባህሊ ውርሻ ነቲ ናይ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ወናንን ኣመሓዳርን ዝኸውን መጻኢ ወለዶ ምግዳፍ ዓቢ በደል እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ዛራ ሰላም ሜድያ ካብ ጽን ኢልካ ምስማዕ ዝጅመር ስጉምቲ ናይ ሰላም ጸዋዒት ተካይድ ዘላ።

## ምድኻም ባህላዊ ውርሻና፥

እቲ ቀንዲ ወይ ኣውራ ብድሆ ነዚ ናይ ሕጂን ናይ መጻኢ ወለዶታትን ዘጋጥሞም ዘሎን ኣብ መጻኢ ዘጋጥምምን ነቲ ክቡር ባህላዊ ውርሻና ናብቲ ዝነበሮ ናይ ምምላስ ቃልሲ እዩ። እቲ ቀንዲ ማእከል ወይ ሕመረት ናይቲ ክቡር ባህላዊ ውርሻና ሓቅነትን፣ ትሕትናን፣ ናይ ሕድ ሕድ ምኽብባርን፣ ማሕበራዊ ሓላፍነት ምስካምን፣ ምትሕግጋዝን ሚዛናውን ቅኑዕን ፍትሓውነትን እዩ። ብታሪኽ ሕብረተ ሰብና ከም ዝፍለጥ ኣብ ውሽጢ ማሕበረ ሰብ ዝፍጠሩ ዘይምርድዳእን ምስሕሓብን ኣብ ትሕቲ ጽላል ኮይኑ ኩሉ ወዲ ዓዲ ዝዕዘቦ ቅሉዕ ኣገባብ መብዝሕትኡ ብሽምግልና ናይ ሰለስተ ለባማትን ዓበይትን ሰላም ብዘምጽእ ኣገባብ እዩ ዝድቅስ ነይሩ። እቲ መሰረታዊ ሕጊ ነዚ ኣገባብ ዝገዝእ ድማ ናይ ማሕበረ ሰብ ናይ ባዕልኻ ምምሕዳር ዝማእከሉ “ሕጊ እንዳባ” እዩ።

እዚ ምድኻምን ምፍራስን ምህሳስን ናይ ፍትሓውነትን ልግሲን ሓቂ ምዝራብን ናይ ሓባራዊ ሓላፍነት ምስካምን ከቢድ ሓደጋ እዩ ዘንጠልጥለና ዘሎ። ሓቅነት ብብዝሒ ናይ ነብሲ ጠቕሚ ዝተግዝአ ስስዐ እንዳ ተተከአ ይኸይድ

ኣሎ። ፍትሓውነት ብጉጅላዊ ጽልዋ እንዳ ተረገጸ ይኸይድ ኣሎ። ሓቀኛ እምንቶን ምስክርነትን ብናይ ዝበዝሑ ድምጺ ተዓብሊሉ ይተርፍ - ከም ሰብካ ምምሳል ይውሕጦ፣ ሞራላዊ ትሕዝቶ ብኤኮኖምያዊ ረብሓ ምትካእ ከም ንቡር እንዳ ተወሰደ ይኸይድ ኣሎ። ሰላም ነዚ ድኽመታትን ምሕቃቕን ባህላዊ ክብርታትና ከየዕረኻ ክሰሰን ወይ ክጥጥዕ ኣይክእልን እዩ። ትሕትናን ናይ ሕድ ሕድ ምክብባርን ናብ ንቡር ውርሻና ከይመለስና መጻኢ ወለዶ ናይ ማሕበረ ሰቡ ብድሆታትን ጸገማትን ብልቦናን ብምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ንክፈትሖም ዘኽእል መሰረት ከነትሕዞን ከነርእዮን ኣይንኽእልን ኢና።

# ምልክታትን ኣብነታትን ባህላዊ ምድኻምን ብልሸውናን ፡

## 1. ናይ ሓቅነት ምሕቃቕ፥

*ታሪኽ ከም ዝምስክሮ ኣብ ሃይማኖታዊ እምነትን ኣብ ማሕበረ ሰባዊ ልምድን ሓቀኛነት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ነይሩ። "ብሓሶት ኣይትመስክር" ቀንዲ መርኣያ እዩ ነይሩ። ዘይተጻርዩ ናይ ቤላ ቤለው ወረታት ሽዑ ንሽዑ እዮም ዝብድሁ ነይሮም። ናይዚ መግለጺ ድማ "እዛ ዘረባ ትድገም ድያ?" ብዝብል ሕቶ ነቲ ዘውሪ ይሕተት ነይሩ። እዚ ኸኣ ውልቀ ኣባላት ማሕበረ ሰብ ኣብ ዝዛረብዎ መርገጽ ክወስዱ ይድርኾም ነይሩ። ኣብቲ ጽሑፋዊ ውዑላትን ኩንትራታትን ዘይነበሮ ግዜ ወለድና ዝህብዎ ቃል ከም ውዑል ኮይኑ እዩ ዘገልግል ነይሩ። እዚ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ እና ተዳኸመ ይኸይድ ከም ዝነበረ ከይተጠቐሰ ክሕለፍ የብሉን።*

*ሎሚ ኸ?* ዘይተጻረዩ መግለጺታትን ወረታትን ኣብ ማሕበራዊ መርበባት ማለት ሜድያ ብዘይ ገደብ ብብዝሒ ይዝርግሑን ይባዝሑን። ጠቕምኻን ቤተ ሰብካን መመሓዝውትኻን ናይ ፖለቲካዊ ጉጅለኻን ኣባላት ንምሕጋዝ ተባሂሉ ናይ ሓሶት ምስክር ክወሃብ ንርኢ። ጸለመን ግጉይ ሓበሬታን ካብ ማሕበረ ኮምካ ወይ ፖለቲካዊ ማሕበርካን ናይ ዕስለ ኣካይዳ ብዝመስል ግጉይ ተግባራትን ምስሉይነትን ምኽኑየትን ልሙዳት መሳርሒ ኮይኖም ንውልቃውን ማሕበራውን ተኣማምነት ከዳኽሙ ምርኣይ ዝውቱርን ልሙድን እንዳ ኾነ ይኸይድ ኣሎ።

## 2. ምድኻም ግሉጽነትን ፍትሓውነትን፥

ውርሻዊ ዝጸንሓና ፍትሒ ግሉጽን ንኹሉ ክፉትን እዩ ነይሩ። እቲ ኣገባብ ድማ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣብ ማእከላይ ቦታ እቲ ዓዲ ብናይ ከባቢ መራሒ ማለት ከም ዳኛ ወይ ጭቃ ዓዲ ተመሪሑ መብዝሕትኡ ግዜ ብዓበይቲ ዓዲ ብዘይ ሻርነት ይሸምገል ነይሩ። ኣባላት ባይቶ እቲ ዳኛ ካብቲ ቅኑዕ መንገዲ ከልግስ ምስ ዝዕዘቡ እቶም ዓበይቲ ኣብ ሞንጎ ብምእታው ብማእከሎት ማለት ወገንነት ዘይብሎም ሽማግለ ክንፍትኖ ብማለት ናብቲ ቅኑዕ መንገዲ ይመልስዎ። ብሽምግልና ድማ የደቅስዎ ነይሮም።

*ሎሚ ኸ?* ሻርነት ዝዕብለሎ ቅልጡፍ ውሳኔ ንፍትሓውነት ክዕምጽጾ ንርኢ። ዝበዝሐ ተዓዛቢ ዓመጽ እንዳ ተገብረ ስቕታ ይመርጽ። ዝገደደ ድማ ብወገን ወይ ብፖለቲካዊ ዝምድና ተደሪኾም ናይ ሓሶት ምኽንያታት ነቲ ዓመጽ ፍትሓውነት ከልብስዎ ወይ ንወገኖም ክከላኸሉ ይርኣዩ።

## 3. ምድኻም ልግስን ሓባራዊ ምትሕግጋዝን፥

መሰረቱ እቲ "ዘይናትካ ኣይትመነ" ዝብል ሃይማኖታዊ እምነትን ካብ ወለድና ዝወረስናዮ ንቡር ባህሊ ተደሚሩ ጸኒሕ ልምድና ምርኩስ ብምግባር ማሕበረ ሰብ ኤርትራ ንጎረበቱ ጨሪሱ ክሳቐን ኣብ ሕማቕ

ክወድቕን ሰቕ ኢሉ ኣይርእን እዩ። ማሕበረ ኮማት ዘለዎም ትሕዝቶ ብምጥቃም ኣብ ሕሱም ግዜ ክተሓጋገዙ ዘኹርዕ ልምዲ ምርኣይ ንቡር እዩ ነይሩ። ከም ኣብነት እንዳ ረኣናዮ ዝዓበና ኣብነታት ንምጥቃስ ኣብ እዋን ክረምቲ ዘርኢ ንዝጸገሞ ዘርኢ ብዘይ ልቓሕ ይህብዎ። እዚ ማለት እቲ ዝወሃብ ዘሎ ሰብ ዘርኢ እንተ ዘይ ረኸበ እሞ ከይዘርአ ምስ ዝኸርም ቀውዒ እቶት ኣይህልዎን እሞ ስድርኡ ይጠምዩ። ኣብዑር ዘይብሉ ሓረስታይ ምእንቲ ክሓርስ ዘለዎም ቤተ ሰብን ቀረብን ኣብዑሮም ክሓርስሎም ክህብዎ ልሙድ እዩ ነይሩ። ሰብኣያ ዝሞታ ሰበይቲ ኣብ ማሕረስን ቀውዒ ኣብ ምእካብ እቶትን ትሕገዝ። ኣብ በዓላት ብሓባር ይደጋገፉ። ንኣብነት ኣብ መርዓ ማሕበረ ሰብ መግብን መስተን ብ"ገንእን ሓምሳን" ዝብል ባህላዊ ምትሕግጋዝ ወርሻዊ ኣገባብ መርዓታት ብሓባር ይሓልፉ።

*ሎሚ ኸ?* ዓመጻዊ በለጽ እንዳ በዝሐ ይኸይድ ኣሎ። ብዙሓት ኤትራውያን ብፍላይ ኣብ ኤውሮጳን ኣብ ማኣከላይ ምብራቕን ተሰዲደን ዝሰርሓ ደቀ ኣንስትዮ ናብ ሃገርንን ዓደንን ምስ ተመልሳ ጸገም ይገጥመን ክመ ዘሎ ጭቡጥ ሓበሬታት ይርከብ ኣሎ። ኣብ ስደት እንከለዋ መንበሪ ክኾነን ገንዘብ ናብ ቤተ ሰበን ብምልኣኽ ገዛ የሰርሓ። እንተ ኾነ ብብዝሒ ይጥለማን ብገዛእ ርሂጸን ዘሰረሕኦ ንብረተን ንኸምልሳ ፈቖዶ ቤት ፍርዲ ኮለል ክብላን መጽለሊ ክስእናን ይርኣያ ከም ዘለዋ ብዙሕ ብናይ ዓይኒ ምስክር ዝተሰነየ መርትዖታት ይርአ ኣሎ። ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኤርትራዊ ብዙሕ ንስድርኡን ቤተ ሰቡን መቕርቡን ናይ ምርዳእን ምሕጋዝን ዝምስገን ልግሲ ንርኢ ኢና። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ንዘይትፈልጦ ጽጉም ኤርትራዊ ብምኽኣ ብብዝሒ ሓገዝ ክዋጻእን ክርዳእን ዘኹርዕ ተርእዮ ንርኢ ኢና። ብኣንጻሩ እቲ እንዳ በዝሐ ዝኸይድ ዘሎ ምጥልላም ግን ክንጽየፎን ከም ልሙድ ከይርአ ክንምክቶን ነቲ ዘሎ ሰናይ ተግባር ናይ ምትሕግጋዝ ከነተባብዖን ይግባኣና።

## 4. ምህሳስ ናይ ማሕበረ ሰብ ምድንጋጽ፡

ብታሪኹ ማሕበረ ሰብ ኤርትራ ብሕማም ንዝተሳቐየን ወይ መሪርን ነዊሕን ሓዘን ክርአ እንክሎ ቀጻሊ ሓገዝ ምሃብ ልሙድ ባህላዊ ተግባር እዩ። ጎረባብቲ ብሞት ናይ ቤተ ሰብ መሪር ሓዘን ንዘጋጥሞም ተረኺብካ ምጽንናዓን ሓገዝ ምግባርን ሞራላውን ስነ ኣእሙሮኣዊ ደገፍ ብምዝውታር ካብ ጽምዋ ምድሓንን እሞ ጭንቀቱን ሓዘኑን ምቅላልን ካብቲ ዝድነቕ ባህላዊ ውርሻና እዩ ብድፍረት ክዝረብ ይከኣል እዩ።

*ሎሚ ኸ?* ኣብዚ ግዜ እውን እንተ ኾነ ምድንጋጽን ምትሕግጋዝን ቀጻሊ እዩ ዘሎ ክተባባዕ ኸኣ ግቡእ እዩ። እንተኾነ ግን ገለ ዘሰክፍ ተርእዮ ይርአ ስለ ዘሎ ክንጥንቀቐሉን ዘሎና ኮይኑ ይስማዓና። ንሱ ኸኣ ኣቲ ምድንጋጽን ሓገዝን ብጉጅላውነት ብፍላይ ፖለቲካዊ ጸጊዕነት ይውሰን ኣሎ። ከምቲ ውርሻዊ ልምድናን ባህልናን እቲ ምድንጋጽ ንኹሉ ኤርትራዊ እንበር ናይ ፖለኢትካዊ ሓዘልን ወገንን ሓጹራትን ወሰንን ክግበረሉ የብሉን።

## 5. ትሕትና ይተርፍን ይስኣንን፡

ኣብቲ ወለድና ዘውረሱና ክቡር ባህሊ ነብስኻ ምዕባይን ምግናን ኣይፍቶን ኣይተባባዕን እዩ ነይሩ። ጀህራን ትዕቢትን ዘዘውትሩ ውልቀሰባት ብማሕበረ ሰብ ዘይጎነጻዊ ሽምጠጣ እዩ ዘጋጥሞም እሞ "ደሮና፣ ሙዕሮ ጉሻ" ዝብል ቅጽል ስም ይወሃቦም። ካብኡ ሓሊፉ እውን ነቲ ዝጀሃር ውልቀ ሰብ "ንሕና ንበልካ" ኢሎም ይገጥምዎ። ንነብስኻን ትሕዝቶኻን ኣነኣእሰ ኣቢልካ ምቕራብ ንቡር ኮይኑ እቲ ዝወሃብ ሓበሬታ ብሱልን ኣብ ሚዛናዊ ጭብጢ ዝተሞርከሰ ይኸውን ነይሩ።

*ሎሚ ኸ?* ትዕቢት ዝመበቀሉ ምግናን እንዳ በዝሐን እንዳ ተዘውተረን ክኸይድ ይርአ ኣሎ። እዚ ዝንባሌ'ዚ ቅኑዕ ዘይኮነ ሓበሬታ የማሓላልፍ ቅቡል ሚዛናዊ ጽን ኢልካ ምስማዕ ይፍሑቕ ብኣኡ ኣቢሉ ድማ ሃናጺ ዝኾነ ልዝብን ምምይያጥን ይጎድል።

### 6. ምኩብባር ይጎድል፥

ንዓበይትን ኣዴታትን ሓፈሻዊ ደቀ ኣንስትዮን ማሕበረ ሰባዊ መራሕትን ንመዛኙኻን ምእዙዝነትን ኣኽብሮትን ኣጸቢቑ እዩ ዘኽብርን ትጽቢት ዝግበረሉን ነይሩ። ካልእ ሰብ እንዳ ተዛረበ ኣብ ሞንጎ ኣቲኻ ብዘይ ታራኻ ምዝራብ ጽያፍ እዩ ዝርአ ነይሩ። እዚ ባህላዊ ልምዲ'ዚ ድማ ምምይያጣት ብኣላዛቦን ሓልዮትን ብስነ ስርዓት ስለ ዝካየድ ምስትውዓል ዘለዎ ጽቡቕ ኣቕልቦ ዝርከቦ መፍትሒ ንምርካብ ዝዓለመ ሓበሬታ ምልውዋጥ ይከኣል ነይሩ።

*ሎሚ ኸ?፥ ህዝባዊ ኣቀራርባናን ኣገባብናን ብፍላይ ኸኣ ኣብ ማሕበራዊ መርበብን ሜድያን ኣንፈቱ ስሒቱ ብኣጸያፍን ኣነዋርን ዘይምዕሩይን ውልቃዊ ጸርፊ ዝዓብለሎ ቋንቋ ክቐርብ ምርኣይ ንባህላዊ ክብርና ዘነኣእስ እብነታት እንዳ በዝሐ ይኸይድ ኣሎ። እዚ መሰረታዊ ምኩብባር ዝጎደሎ ወይ ፈጺሙ ዘይብሉ ኣቀራርባ ነቲ ዘሎ ፍልልያት የጋፍሖን ነቲ ዘሎ ምትፍናን የጋድዶን እሞ ሓበራዊ ምዕብልና ከይርከብ ከቢድ ዕንቅፋት ይፈጥር።*

## ንጹር ኣትኩሮ ዛራ ሰላም ሜድያ

እቲ ቀንድን መሰረታውን ተልእኾ ዛራ ሰላም ሜድያ ነዚ እንዳ ተፋሕቈን እንዳ ተዳኸመን ዝኸይድ ዘሎ ክቡር ባህላዊ ውርሻን ልምድን ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ብምንጽብራቕን ናብ ህዝቢ ብምቕራብን ነቲ ሓባራዊ ውርሽና ናብ ንቡር ክንመልሶ ምትብባዕ እዩ። እቶም ጽቡቕ ዝቕጽሉ ዘለዉ ውርሻታት ድማ ንኽድንፍዑ ምትብባዕን ክንደፍእ ይግባእ። ነዚ ምድኻማት እዚ ተቓሊስካ ነቶም ቀንዲ ዝበሃሉ ዋጋታት ባህልና ምክባባርን ሓቅነትን ተሓታትነትን ቀዳሞት ስጉምታት ናብ ሃናጺ ልዝብን ዘተን ዝርርብን እዮም ክምዕብሉ ምጽዓት እዩ።

ነንሕድሕድካ ናይ ምኩብባር ሃዋህው ምፍጣር እታ እንኮ መንገዲ ናብ ነባሪ ሰላምን ሃገራዊ ሓድነትን ነቶም ዝልዓለ ወዲ ሰብ ክኸፍሎ ዝኽእል ህይወቶም ዝኸፈልሉ ወይ ኣካሎም ዝጎደልሉ ሃገራዊ ነጻነትን ልዑላውነት ፍትሒ ንህዝቢ ኤርትራ መውሓሲት እያ።

## ጸዋዒት ንተግባር፥ ምክፍፋልና ምጽጋንን ምሕዋይን፣ ዝርርብን ልዝብን ኣብ ክንዲ ምምቕቓልን፣ ብሓባር ንቕድሚት እንስጉመሉ መንገዲ ሓንጎፋይ ኢልካ ምቕባልን

ነዚ ራእይ እዚ ክውን ንምግባር ዛራ ሰላም ሜድያ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘለው ህዝቢ ኤርትራ ነንሕድሕዶም ብኽፉት ልብን ኣእሙሮን ጽን ኢሎም ክሰማምዑ ንምትግባሩ ብቓልን ብተግባርን ቃል ክኣትዉ ትጽውዕ። ዋላ ኣብቲ ንዛረበሉ ዘሎና ሓሳብ እንተዘይተሰማማዕና ጽን ኢልካ ናይ ምስማዕ ተበግሶ ክንትግብሮ ኣሎና። ሓቀኛ ሓድነት ብዘይ ሓቀኛ ምቅርራብ ክዕንብብ ኣይከኣልን እዩ። ኣብ ክንዲ ምትፍናን ብጎነጽ ምጥምማትን ብምኩብባር ምዝርራብ ምስ እንመርጽ ሕጂ ዘሎናን ብሕጂ ዘጋጥሙና ብድሆታትን ከም ውሁዳት ህዝቢ

ብሓድነት ክንፈትሖም እሞ ነባሪ ዝኾነ ኣዎንታዊ ታሪኽ ክብረተ ሚዛን ዘለዎ ውርሻ ንመጻኢ ወለዶ ክንገድፍ ክንብገስ ንጽውዕ።

ዛራ ሰላም ሜድያ ኣብ ደገን ውሽጥን ዘሎ ኤርትራዊ ናይ ጽን ኢልካ ምስማዕን ኣኽብሮታዊ ኣቀራርባን ምርድዳእን ክቕበሎ ትጽውዕ። ንማሕበረ ሰባትና ብፍላይ ኣብ ሓደ ሓሳብ ኣብ ዘይንሰማማዓሉ ግዜ ነንሕድሕድና ጽን ኢልና ክንሰምዕ ነተባብዕን ንጽዉዕን። ጽን ኢልካ ምስማዕ እንኮ ናብ ሓድነት ተብጽሕ ናይ መሰጋገሪ ድንድል እንበር ናይ ስዕረት ምልክት ኣይኮነትን። ብስኒታዊ ልዝብን ሓባራዊ ምክብባርን ብሓንሳእ ኮይንና ንብድሆታትና ሰጊርና ዘኹርዕን ክብረት ዝሀብን መሰረት ንደቅናን ደቂ ደቅናን ከነመሓላልፍ ንኽንክእል ንምትግባሩ ንጽውዕ።